# ሲኞር ኡምቤርቶ ባርቡይ፡‘ኣቦ ዘመናዊ ሙዚቃ ኤርትራ’

=========/////////==========//////////===========



ሲኞር ኡምቤርቶ ባርቡይ

ክብራት ኣንበብቲ፡ መርበብ ሓበሬታ ቶጎሩባ፡ ከመይ ትቕንዩ-ትኹኑ ኣለኹም፣ ሰላም ወ ሠናይ ክኹነልኹም በዓል ምሉእ ተስፋ ኢየ።ከም’ቲ ኣብ ኣርእስቲ ጽሑፈይ ሰፊሩ ዘሎ፡ጉዳይ’ዩ ኣብ ዓቢይ መምህር ሙዚቓን ንልዕሊ 300 ግዱሳት ወከፋት ከይተሓለለን ብሓቦን፣እሞ ድማ ዓይነ-ሥውር ክነሱ፡ሽሕ ጊዜ ኣብነታዊ እኳ ተኰነ ታሪኹ ግን ብምንታይ ምኽንያት ምኳኑ ዘይርደኣካ፣ብኣግባቡ ኩቶ ኣይተጽሓፈን ኣሎ።

ስለዚ፡እጃምና ተገብርና ካብ ዝብል ኣብዚ ገለ ዓመታት ብፍማይ ድማ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቦታትን ኣብ ገለ ማዕከናት ዜና ብከፊሉ እናገብርና ክንጽሕፍ ከም ዝጸናሕና ርዱእ ነገር እመስለኒ፣ግን እዚ እውን እኩል ኣይኩነን’ዩ በሃልቲ ኢና።ኣነ’ውን ነዚ ሓሳብ እዚ ብምሉእ ልበይ ይርዕሞ ኢየ።

ምስ ገለ ገዳይም ሙዚቀኛታትን ድምጻውያንን ይኹን ተመራመርቲ ብምልዛብ ድማ ካብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቦታት ጥራሕ ተሃጺሩ ዝተርፍ ኣብ ፍሉጥን ኣሳታፍን ዝኰነ መርበብ ሓበሬታ ከም እኒ ቶጎርባ ዘይትልጥፎ ኢኻ ዝብል ሓሳብ ሰው ብምባሎም፣ኣነ ድማ ብዘይ ዝኰነ ተጎላባነት ነቲ ሓሳቦም ብምርዓም እንሆ ብኸፊሉ መሪጸ ኤቕርቦ ኣለኹ።




ንብዙሓት ድማ ምንቅቓሕን ክጽሕፉን ዝፈልጥዎ ከካፍሉ ክደፋፍኦም ከም ዝጀመረ ክዕዘብ ክኢለ ኣለኹ፣እዚ ኢደይ ኢድኻ ብምብህሃል ድማ ኣብ ምዕራፉ ከንብጽሖ ኢና ዝብል ዝለዓለ እምነት ኣለኒ።እሞ በሉ ናብ’ቲ ጽሑፋት ከብለኹም ኢየ።

ብዕለት 12 ጥሪ 2021 ዓ/ም/ፈ ምስ ማማ ንግስቲ ንመጨረሽታ ጊዜ፡ኣብ ጉዳይ ኡምበርቶ ባርቡይ ኣድሂብና ብዝገብርናዮ ወግዒ፡መሰረት ተኹልኺለ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቦ ካብ ዝሓንጠጥክዎ ክፍልሞ ኢየ።

ብዛዕባ ኡምቤርቶ ባርቡይ ኣድሂበ ክጽሕፍ፡ገለ-ገለ ሰባት ተወኪስኩምኒ ምንባርኹም እዝክር።እንተኰነ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ከም'ቲ ዝደለኽዎን ሰሃሮ ዝገበርክዎን ኣይኰነለይ።

“ሲኞር ኡምቤርቶ ባርቡይ፡‘ኣቦ ዘመናዊ ሙዚቃ ኤርትራ’

ብፍላይ ድማ መበል 100 ዓመቱ ኣድሂበ ጽሒፈዮ ዝነበርኹ ጽሑፋት ኣብ ኢደይ ሒዘዮ ትም ክብል ዝቅስብ ሃዋዉ ብምፍጣሩ ኢዩ።ምስ ማማ ንግሥቲ ድማ ትማሊ ሰንበት ኡምቤርቶ ባርቡይ ፈሊቼ ቕድሚ 60 ዓመት ሰሚዑ ዝፈትዎም ዝነበሩ ግጥምታት ንገሊኡ በጃኽን ዘክርኦ እናበልኹ ትኹትኽ ኣቢለየን ኣለኹ፡ከም ኩነታቱ ከቕርቦ ክፍትን ኢየ።

ንሎሚ ግን ኡምቤርቶ ባርቡይ፡ኣብ 1920 ዓ/ም/ፈ ኣብ ኣጓዱ ሰኒታ መንደር፡ ካብ ወላዲቱ ክብርቲ ወ/ሮ ባህጉ ግደ (በዓልቲ ጋላ ነፍሒ-ሕምብርቲ)ን ካብ ወላዲ ኣብኡ ሲኞር ባርቡይ ፈሊቼ፡ናብ'ዛ ምድሪ ብዕልልታን ሓጎስን ተዓጂቡ መጸ።

ካብ ኣሥመራ ኣብ ወርሒ ግንቦት 1973 ዓ/ም/ፈ ንዓዲ ጥልያን ክኸይድ ከሎ፡ብዙሕ ሰብ እምብዛ ሓዚኑን ደጊዑን ኢዩ፡እቲ ምንታይ መምህር ልዕሊ 300 ሙዚቐኛታት ብምኳኑን ዉዕይን መራሰንን ብምንባሩ ድማ ኣብ ፈቐዶ ገዛውቲ እፍለጥ ብምንባሩ'ዩ።ብፍላይ ድማ ኣብ ዞባ ቃዛ ፍሉይ ጦብላሕታት ህይወት ነይርዎ'ዩ።



ዕለተ፡ምውዳድ 23-1-2021 ዓ/ም/ፈ

ማየስትሮ ኡምቤርቶ ባርቡይ፡ዋዛን ቀልድን ሕላገቱ ብምንባሩ፡ሲነማ ሓማሴን ንደቂ ሓበሻ ኣብ 1942 ዓ/ም/ፈ ብዝተኸፍተ ካብቶም ብቐዳምነት ዝመላለስ ዝነበረ ሓደ ኢዩ።ደሓር ድማ በዓል ግራዝማች ኣለማየሁ ካሕሳይ፡ኢያና ትካቦ ወልደማርያምን እኒ ኣርኣያ በላይ ዳርጋ መዘናጊኢያም ነበረ።

ሲኞር ኡምቤርቶ ባርቡይ፡ካብ ደረፍቲ ንመን ተደንቐ ተባሂሉ፡ኣብ ወርሒ ግንቦት ጋዜጠኛ ግራዝማች ተስፋይ ንጹሓፍን ጋዜጠኛን ኣሕመድ ክሓቶ ገይሮም ነበሩ።ንሱ ድማ ካብ ዘመናዊ ሙዚቃ ንድምጻዊ ዑስማን ዓብደርሒም ካብ ባህላዊ ድማ ንክቡር ኣተወብርሃን ሰጊድ ዝዳረግን ዝወዳደርን ከምዘየለ፡ኣብ'ቲ ጊዜ እቲ ሓሳቡ ገሊጹ ነበረ።

ንማማ ለተሰላሰ በዓልቲ ሓዘሞ ከም መታዓብይቲ መጠን ኣብ መጋርያ ዕላል ካብ ሰብ ኣዝመርቲ ወይ ድማ ሰብ ጭራዋጣ ዘድንቀም ነጊርወን ነበረ።እዚ ካልእ ግዜ ክምለሶ ኢየ።

ብዝኾነ ካብ'ቲ ኣዳልየዮ ዝነበርኹ ሓሳብ ብምዋሳድ ኢየ፡ነቲ ዓቢይ በዓል ዉዕለት ንዕቤት ሙዚቃ ብሓፈሻ ብፍላይ ንዕቤት ባህልን ሙዚቃ ትግርኛን ደርማስ ኣበርኽቶ ብምግባር ዝናን ሃብባን ዘትረፈ ግን ድማ ግቡእ ክብርን ኣፍልጦን ዘይረኸበ ተባሂሉ ዝሕሰብ ሲኞር ኡምቤርቶ ባርቡይ ብኸፊሉ ክዝክሮ ኣለኒ ካብ ዝብል ኢየ እዚ ሓናጢጠያ ዘለኹ እሞ ኣይስተሰተዋሕድዋ ክብል እፈቱ።

Robel Hailat

ይገርም እዩ 100 ዓመቱ !!! ዳርጋ መዛኑ ማለት ድዩ ምስ ሑሴን ማሓመድ ዓሊ.
ዓብደላ ኣቡበከርን ልክዕ ወላ 100 ኣይግበሩ ግን ክሳብ ሕጂ ብሂወት ካብ ዘለው እዮም እንተ ዘይተጋግየ ኣብ ክሊ 75 ወይ ካብኡ ንላዒ ይኾኑ እዮም ዝብል ግምት ኣለኒ። በል እስከ ናዓይ ናዓኻ ከኣ 100 የጽናሓና ንትገብሮ ዘለኻ ኣብርክቶ ከኣ ምስጋና ይግባኣካ እዩ። ዓድና ሰላም ኮይኑ ብዝበለጸ ንኹሎም ንዝክሮም ግዜ ይሃበና።

Berhane Ghebre Wedi Ghe

ኣብራሃም ልባዊ ምስጋና ይብጻሕካ ናይ ክቡር ኣቦና ኡምበርቶ ባርቡይ ሕጽር ዝበለ ዝጹሓፍካ። ብዛዕባ ኩቡር ኣቦና መጽሓፍ ውን ጽሒፍካ ኣይውዳእንዩ ኣነ ብወገነይ ኣብ ሙዚቃ ዓለም ንኽኣቱ ዕድል ዝሃበኒ ክቡር ባርቡይ ስለ ዝኾነ። እቲ ብኸመይን መዓስ ከም ዝነበረ ብዓቕመይ ኣብ መጻኢ ክገልጾ ክፍትን እየ። ብዙሓት ከም በዓል አልያስ ኣማረ ናይ ዘርኣይ ድረስ ባንድ መጽሓፍ ክጽሕፍ ኣብ ዝተፋላለይ ግዘ ይሓቱኒ እዮም። ግና ልዕሊ ኹሉ ናይ ኣቦና ኡምበርቶ ባርቡይ ክቐድም ብዓቕመይ ክፍትን እየ። ኣብርሃም ምስጋና ይብጻሕካ።

ብዕለት 14 መስከረም 2020 ዓ/ም/ፈ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቦ ንኽብርን ዝኽርን ማማ ንግስቲ (በዓልቲ ቤት ዓቢይ መምህር ሃለቃ ከበደ) ተቐንጪቡ ዝተጻሕፈ ድማ ነዚ ዝስዕብ ብኸፊሉ ይመስል።

"#ማማ ንግሥትን ዝኽሪ ኣቦ ዘመናዊ ሙዚቃ ትግርኛን-ኡምቤርቶ ባርቡይ!

ኣብዚ ከብሒ ሰእልታት ካብ ዘለዉ ፍሉጣት ሰባት-ሓንቲ ማማ ንግስቲ ኢያ።ሎሚ ብምኽንያት ሞት ኢያና ገረንቺኤል ዋክር ክንዕልል ዕድል ገይርና ኢና።ማማ ንግሥቲ ሰይተቦይ ሓርበኛ ሃለቃ ታደሰ ዘመንፈስቅዱስ ኢያ።ንሶም ቅድሚ 37 ዓመት ኣቢሉ ኣብ 1976 ዓ/ም/ኢ ኣብ መበል 76 ዓመቶም፡ኣብ ኣስመራ- ካብዛ ዓለም ብሞት ከም ዝተፈለዩ ሓበሬታ ማማ ንግስቲ የረድእ።



ማማ ንግሥቲ ኣብ ሞይኣን ንፍዕትን ተባዕን ኣደ ኢያ።ልዕሊ ኩሉ ዘድንቀን ድማ ዕሊ ክእለት ምዝካረን ኢዩ።ኣብዚ ሎሚ ዓመት መበል 86 ዓመተን ረጊፀን ኣለዋ ግን ምንም ዝርስዕዎ ዳርጋ የለን።ኣብቲ ሎሚ ንሓደ ሰዓት ዘዕለልናዮ ቁውምነገር ክኣቱ ከለኹ ድማ ብዛዕባ ዓቢይ መምህር ሙዚቃን መሳርሒ ሙዚቃን ዝነበረ ኡምበርቶ ባርቡይ ነዋቢ መዛረቢና ነበረ።

ማማ ንግሥቲ ካብ ከተማ ኣሥመራ ካብ ዝወጻ 30 ዓመት ገይረን ኣለዋ።ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኢየን ድማ ዝቐመጣ።ቅድሚ ክልተ ዓመት ግን ኣብ እንዳ መምህር ታደሰ ከበደ (ወደን) ኣብ ዓዲ ሓቂ ናብ ኮለጅ መምሃራን ጥውይ/ኩዕምስ መበሊት ዘሎ፡መንበሪ ኣባይተን ረኺበየን ነይረ።እቲ ምርካብና ድሕሪ 28 ዓመት ዝገበረ እኳ ተነበረ፡ብቀዳምነት ካብ ኣርእስቲ ዕላልና ኣብ ጉዳይ ኡምቤርቶ ባርቡይ ሓደን ወሳንን ካብ ዝበሃሉ ምንባሩ እዝክር ኢየ።

ማማ ንግሥቲ ንምንጪ ሓበሬታ ኣዚየን ዘተኣማምና ዳርጋ ታሪኽ ፍጹም ዘስይርስዓ ወናም ኣደ ኢያ።ኣብ ምሕናጽ ኣብያተ ክርስትያን እንዳ መድሃኔ ዓለም-ሰኒታ፣ኣብ መድሓኔ ዓለም-ገዛ ባንዳ፣ኣብ እንዳ ሥላሴ-ዕዳጋ ሓሙስ ማሕበር ሃዋርያ ልዑል ኢድ ከም ዝነበሮ ይዝክራ ኢያ።ንሰንን ክቡር ሃለቃ ከበደን ድማ ከም ደቂ ማሕበር መጠን ታሪክ ዝምስኽሮ ረዚን-ዕዮ ዓሚሞም ኢዮም።እዚ ብሰፊሑ ኣብ ናቱ ዛዕባ ክምለሶ ኢየ።ንሎሚ ግን ፍልጠትን ምስውዓልን ማማ ንግሥቲ ሰፊሕን ዓሚዩቕን ብምኳኑ ከም መሽላ ጉምድ-ጉምድ ከብሎ ክቕስብ ኢየ።

ማማ ንግሥቲ ጃንሆይ ናብ ኣስመራ ኣብ ግዜ ፌደረሽን ወይ ድማ ዘመነ ዓደየ-ዕድኻ እክልቲ ጓል ብምንባረን ብእርይ ቁጽር ምስ ትሕዝቶ ደርፍታቱ የውግዓኻ ኢየን።እምበኣር እቲ ግጥምታትን ታሪኽን ኣኣብ መድረኹ ዘለዓል ኮይኑ፡ብዛዕባ ደርፍን ግጥምን ካብ ኣልዓልኹ፡ናብ ሕምብርቲ ጉዳየይ ክኣቱ።

ማማ ንግሥቲ ነቲ ኣቦ ዘመናዊ ሙዚቃ ኤርትራ ክበሃል ምንም ዘይውሕዶን ዘይንእሶን፡ኡምበርቶ ባርቡይ ብዕሊ ግጥመንን ደርፈንን ኢዩ ክቃረበን ዝቀሰቦ።ኡምቤርቶ ኣብ ሰኒታ እንዳ ባርቡይ ዝበሃል መንደር ተወሊዱ ዝዓበየ፡መምህር ብዙሓትን ታሪኸኛን ሰብ ዉዕለት ኢዩ።ካብቶም ዝመሃሮም ንገሊኦም ምስ እንጠቅስ ድማ የማነ ባርያ፣ተኽለ ተስፋዝጊ፣ሃይለ ገብሩ፣ገብረጻድቕ ወልደዮሃንስ፡መሓሪ ኣብርሃ፣ግርማይ ፍሊጺ፣ኣቦና ዓብዱ፣ወዘተ ኣብ ዘመና ሙዚቃ ትግርኛ ብፍላይ ብሓፈሻ ኣብ ሙዚቃ ኤርትራ ደርማስ ኣበርክቶ ዝገብረ ዉልቀሰብ ኢዩ።

ብዙሓት ጸሓፍቲ ታሪኽን ኣብ መዳይ ዓውደ-ሙዚቃ መጽናዕቲ ዝገብሩን ዝገበሩ ዘለዉን፡ ብዛዕባ ኡምበርቶ ባርቡይ ብዙሕ ጌጋታት ይጽሕፉ ኢዮም።እዚ ብዘይምፍላጥ ዘሰዓቦ ምኳኑ ይርደኣኻ ኢዩ።ኡምቤርቶ ምስ ዓበየ ኣብ ኣልፎርማዮ ኢዩ ነይሩ ንግደ ሓቂ ግን ተወሊዱ ዝዓበየሉ ኣብ ሰኒታ ኢዩ።ኣብ ዘኒታ ድማ ብዙሕ ገዛውቲ ነበሮም።እዚ ቅድሚ ሰኒታ ዳግማይ ቅድሚ 53 ዓመት ምስርሓ ኣትሒዙ ማለት ኢዩ።ብዝኮነ ኡምቤቶ ባርቡይ ኣዲኡ በዓልቲ ሓማሴን-ኤርትራዊት ኢየን።ግን ብጌጋ ገሊኦም ጣልያናዊት እብልወን ኢዮም፣ገሊኦም ድማ ኣብ ካልእ ኢሎም ይጽሕፉ ኢዮም።ግን እቲ ሓቂ ንሱ ኣይኮነን ኢዩ።

ኡምቤቶ ባርቡይ፡ካብ ኣስመራ ናብ ዓዲ ጥልያን ኣብ 1965 ዓ.ም.ኢ.ወይ ድማ ኣብ ወርሒ መጋቢት 1973 ዓ.ም.ፈ ናብ ዓዱ ጥልያን ክኸይድ ከሎ፡ሙዚቀኛታት ዳርጋ ኩሎም ተረኺቦም ኣፋንዮሞ ኢዮም።ካብቶም ኣብ ጽምብል ስነ ሥርዓት ምፍናው-ብመንፈስ ምድፍናቕ ዉዕውዕ ኩነታት፡ዘይተረኽቡ ድማ ክቡር ኣቦና ትኳቦ ወልደማርያም ነበሩ።እቲ ምኽንያት ኸኣ ኣብ ኣቁርደት ብጉዳይ ስራሕ ብምንብሮም ኢዩ።ቅድሚ ርብዒ ዘመን ድማ ብልቦም ከምዝሓዝኑ ገሊጾም ምንባሮም እዝክር ኢየ።



ማማ ሥላስ ማህደር ታሪኽ ኢየን።ንሎሚ ብዚ ስእልታት ኡምቤርቶ ባርቡይ መነጸር ዓይኒ ወዲዩ፡ኣብ ማእከል ብዙሓት ሙዚቀኛታት ደው ኢሉ ዘሎ፡ታሪከኛ ዓይነ ሥውር ሙዚቀኛ ኢዩ።ሙዚቀኛ ንሙዚቀኛ ድማ ኣብ ብዙሕ መሳርሒ ሙዚቃ ልዑል ክእለትን ምርቃቕን ዝነበሮ ንታሪኽ ዝተፈጥረ ዕጹብ ድንቒ ምንባዱ ታሪኹ ዝምስኽሮ ሓቂ ኢዩ።

ዕድመን ጥዕናን ነዔና ማማ ንግሥቲ!!
ይቕጽል...”

Chefena Hailemariam
I watched the Barbuy farewell musical show. Good that Nigisti said it was in March, '73. It was like sit-and-watch concert. I will post something related to what i watched on that event. ናይ ባርቡይ ታሪክ ክምዝግብ ፈቲነ ኣይሰለጠንን። ካብ ኣቶ ትኳቦ ናብ ሎረንሲና( ነብሳ ይምሓር)፡ ካቡኡ ተመሊሰ ናብኦም፡ ንሶንም ድማ ናብኣ ክሰዱኒ ሓንቲ ከይሓዝኩ ካብ ኣስመራ ወጺኤ። ሎረንሲና ኣብ መኣልፋሮመዪ ምስ እንዳ ባርቡይ ቅርበት ስለነባራ፡ ዝሓሸ ሓበረታ ክተካፍል ትኽእል እኳ እንተነበርት፡ ኣይተሓባበረትንን። Thank you for that.

ክቡራትን ክቡራንን፡እዛ ትስዕብ ጽሕፍቲ ድማ ብክቡር ዶ/ር ጨፈና ኃይለማርያም ኣብ ማሕበራዊ መራኸቦ ብዕለት፣10 ጥሪ 2021 ዓ/ም/ፈ ዝተጻሕፈ ኢዩ።

“ቅድሚ ዓሰርተ ዓመትን ኣቀዲሙን.....

Of these three pictures the (Pic 3) is exactly ten years now and Pic (2) was take 38 years prior to picture (3). Close scrutiny of pictures of these three pictures reveals the continuity of modern Eritrean music. The background story behind two is of particular interest. They are 38 years apart from each other (1973-2011) and picture (3) is ten years old today. I was lucky enough to have attended the last two.

Let me tell you about how I am personally connected to these pictures and their meaning and memories.

Picture 1.



I made a copy of the original of pic 1 and with the permission Ato Tiquabo Woldemriam in 2003. No detail can be found about the date and the occasion when this photograph was taken; but I can identify four of them including Atweweberhan and Barbuy, who will appear in the next picture.

Picture 2 (March 1973)

The occasion was Umberto Barbuy's farewell event at the Odeon in which many music bands gathered for a performance. This picture is material for my personal recollection as I was lucky enough to attend the musical event. And so it invokes a particular profound memory that runs for decades now.




The episode is about both Barbuy and Ateweberhan joining to play a piece of traditional Tigrinya melody with their respective musical instruments i.e. Atewoberaham was on the kirar while Barbuy was on the violin. I don't recall the exact title of the melody but I remember it received much applause. That performance represented an occasion of an interaction of the sounds produced by the combination of a European musical instrument and the Eritrean traditional one.

Picture 3. Fast forward (Rotterdam, Jan 8, 2011).
Photo by Georgio Habtemariam
I will now quiz you if you can identify some of the ones who figure at Barbuy Farewell and who now appear in pic 3?



Indeed I was lucky doubly lucky to be in such a once- in- decades moment to reconnect with the great musicians so pleased to entertain their fans once again. It brought together leading instrumentalists such as Ustath Abdalla Abubakar, Selam Sium, Yemane Kidane, along with legendary pop singers Haile Ghebru and Osman Abderhim. That rare event also brought together two exiled towering musicians which don't show on this pic: Abrar Osman and Maestro Tewolded Redda, who was only part of the crowd. From the second generation vocalists who joined was Kahsay Berhe. It was such an ecstatic moment.

**ጥዕና ብፍላይ ንመማህርን ሰብ ጥበብ፡ ተወልደ ረዳ፣ዓብደላ ኣቡበከር፣ዑስማን ዓብደርሂሒምን፣ሃይለ ገብሩን እምነ።ነዊሕ ዕድመን ሂብዎም ዳግም ኣብ ከም'ዚ ኣጋጣሚ ኣምላኽ ከራኽቦም`ውን ትምኒተይ ኢዩ።
ብሩኽ ሰንበት"**

**ክቡራት ኣንበብቲ፡ታሪኽ መምህርን ሙዚቐኛን ኡምቤርቶ ባርቡይ ሰፊሕን ዓሚዩቕን ኢዩ።እዚ ንሎሚ ካብ ኣቕረብኩ፣ካልእ ጊዜ ድማ እቲ ኣብ ኢደይ ዘሎ መሊኣ ወይ ድማ "ታሪኹ ሓቢርና ንጽሓፎ" ዝብሉ ይቀላቐሉ ስለዘለዉ፣ኢደይ ኢድካ ኢልና፣ተላፊና ኣብ ሓደ ፈጽሚ ምዕራፉ ከነብጽሖ ተስፋይ ወሰይ የብሉን'ዩ።ፈጣሪ ድማ ይሓግዘና እብል።**

**ምሥጋና፡-**ንኽቡራትን ክቡራንን ምንጭታተይን ሓገዝተይን ክጠቕስ ክፍትን ኢየ።

- ኣያና ኣቢ ኣበበ ደቡብ፣
- ዶ/ር ጨፈና ሃይለማርያም፣
- ንማማ ንግሥትን ደቀንን፣
- ንማማ ለተስላሰ፣
- ንብሓፈሻ ደቂ ሰኒታ፣
- ንኣባላት ዘርኣይ ደረሰ ባንድ ነበር፣
- ንኣባላት ማትኣ ነበር፣
- ንድምጻዊ ሔኖኽ መሓሪ ኣብርሃ፣
- ንገዲም ሙዚቀኛ ኣያና ዓብዱ፣
- ንኣያና ትኳቦ ወልደማርያም፣
- ንኣያና ባህታ ገብረሕይወት፣
- ንመምህር ኣሰረስ ተሰማ
- ንሥነ ጥበበኛ ዑስማን ዓብደርሒም፣
- ንሥነ ጥበበኛ ግርማይ ኪዳነ፣
- ንፍሬን፣
- ንኣቶ ደበሳይ ወልዳይ፣ወዘተ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ኣብ ዕላል ይኹን ኣብ ምሕተታተይ ዝሓገዝኩምኒ፡ፈጣሪ ዕድመን ጥዕናን ንዘለኹም፣ብሕይወት ንዘየለዉ ድማ ክብሪ ኣብ ዘለውዎ ይሃቦም እብል።